# ባቡርን ኣውቶቡስን

**ህዝባዊ መጉዓዝያ ኣብ ስዊስ ኣዝዩ ጽቡቕ ትሕተ-ቅርጺ ኣለዎ። ብቐሊሉ ኩሉ ቦታታት ብባቡር ወይ ባውቶቡስ ክትበጽሖ ይከኣል። ናይ መጉዓዝያ ኣገልግሎት ብስሯዕ ልክዕ ኣብ ግዜኡን ኣብ ዝተመደበልን ናይ ግዜ ፍልልይ ይኻዓዛ።**

## ህዝባዊ መጉዓዝያ

ህዝባዊ መጉዓዝያr (ÖV) ኣብ ስዊስ ልዑል ዋጋ ኣለዎ።ኩሉ ቦታታት ኣብ ሰዓት ብዙሕ ግዜ ክትበጽሖን ይከኣል። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ ብዙሓት ተጻዕዝቲ ባቡር ወይ ኣውቶቡስ ይጥቀሙ። መጉዓዚ ዋጋ ብተዛማዲ ክቡር ኢዩ። ነዚ ንምቅላል ገንዘብ ንምቁጣብ ግን ዝተፈላለየ ተኽእሎታት ኣሎ። ኣቦኖሚ/ንዝተናውሐ ግዜ ዝኸፈል: ወይ ናይ ሕሱር ዋጋ ትኬት ምግዛእ ይከኣል። ብተዛማዲ ሕሱር ዝኾነ ፍርቂ ዋጋ ትኬት (Halbtaxabo) ንኣብነት ናብ ምሉእ ስዊስ ዘገልግል ፍርቒ ዋጋ ዝገብር ትኬት ንዓመት ዘገልግል ምግዛእ ይከኣል።

## ምጉዓዚ ትኬትን ኣቦነሜንትን / ንነዊሕ ግዜ ዘገልግል ትኬት

ባቡር ጌሩ ክጎዓዝ ዝደሊ ሰብ ኣቐዲሙ ናይ መጉዓዚ ትኬት (Billett) ክገዝእ ይግባእ። ኣብ ባቡር ትኬት ምግዛእ ኣይከእልን ኢዩ። ኣብ ኣውቶቡስ ግን ዝተፈላለየ ሕጊ ኣሎ። ኣብ ኩሎም መደበር ባቡራትን ኣብ ናይ ኣውቶቡስ ጠጠው ዝብላሉ ቦታታትን ናይ ትኬት መቑረጺ ማሽናት/ኣውቶማት ኣለዋ። ኣብ ዕበርይቲ መደበር ባቡራት ናይ ትኬት መሸጢ ባንኮ ውን ኣሎ። ትኬት ኣብ መስመር ኢንተርነት ወይ ኣብ ናይ ኢድ ተለፎን ክትገዝእ ይከእል። ብዙሕ ግዜ ብህዝባዊ መጉዓዝያ ዝንቀሳቐሱ ሰባት: ዝተፈላለየ ናይ ነዊሕ ግዜ ትኬት /ኣቦነሜንት/ ክገዝኡ ይምረጽ። እዚ ናይ ዝተወሰነ መስመር ጉዕዞ: ናይ ዝተወሰነ ቦታ/ከባቢ/ ወይ ከኣ ኣብ ምሉእ ስዊስ ዝርከባ መጉዓዝያ ዘገልግል ሓፈሻዊ ትኬት/ኣቦነንት (Generalabonnement) ምግዛእ ይከኣል። ክሳብ 16 ዓመት ዕድሜኦ ምስ ወለዲ ወይ ምስ ኣቦ/እኖሓጎ ብዘይ ገለ ናይ መጉዓዝያ ክፍሊት ኣብ ስዊስ ክትኾዓዝ ይከኣል: ናይ ጅኒዮር ወይ ናይ ደቂ-ሓጎ (Junior- oder Enkelkarte) ምስዝህልወካ: ብነጻ ትጎዓዝ። ቆልዑት ትሕቲ 6 ዓመት ዝዕድሜኦም ብነጻ ይጎዓዙ። ሓበታ ንትኬትን ኣቦነንትን ዝምልከት: ካብ ናይ ስዊስ መንገታዊ ናይ ሓዲድ ትካል (SBB) ወይ ካብ ናይ ኣውቶቡሳት ትካላት ክርከብ ይከእል።

## ክኣንቶን ኣርጋው - A-Welle/ ኣ- ዌለ= መልኮርኮር

ኣብ ውሽጢ ካንቶን ኣርጋው: ናይ ትኬት ዋጋ ወይ ታሪፍ ወሳኒ ማሕበር: ኣ-ዌለ ዝተባህለ ማሕበር (Tarifverbund A-Welle) ፍሉይ ዋጋ ትኬት: ኣቦነሜንት: ናይ ምሉእ መዓልቲ ትኬት ይውስን።እቲ ከባቢ ናይ ካንቶን ኣብ ዝተፈላለዩ ዞናት ይምቐል። ትኬት ኣብ ኣውቶቡስ ወይ ኣብ ባቡር ተገዚኡ ኣብቲ ዝተገዝአሉ ከባቢ: ኣብ ዝተወሰነ ቦታ የገልግል። ካብቲ ከባቢ ወጻኢ ዝጉዓዝ ግን: ካልእ ተወሳኺ ትኬት የድልዮ።

## ናይ ምሉእ መዓልቲ ትኬት ናይ ምምሕዳር ከባቢ

ኣብ ውሽጢ ስዊስ ሓደ ነዊሕ ናይ መዓልቲ ጉዕዞ ዝምድብ ሰብ: ካብ ብዙሓት ምምሕዳር ከባቢታት ናይ ምሉእ መዓልቲ ትኬት(Gemeindetageskarte) ብዝሓሰረ ዋጋ ክገዝእ ይኽእል። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ናይቲ ከባቢ ምምሕዳር ቤት-ጽሕፈት ይሕብር።

## ናይ ለይቲ ናይ መጉዓዝያ መስመራት

ኣብ ቀዳመ ሰንበት ኣብ ካንቶን ኣርጋው: ኣውቶቡሳትን ባቡርን ኣምስየን ናይ ለይቲውን ከይተረረፈ ኣገልግሎት ይህባ። ተጠንቀቕ:ኣብዘን ናይ ለይቲ መስመራት ፍሉይ ክፍሊት ታሪፍ ኣሎ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hello-aargau.ch/ti/mobility/train-and-bus